# ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ

ሕርይቲ መዓልቲ ሾመንተ መጋቢት

ናይ ጽቁጣት ድምጺ ወሃቢት

ናብ ኩርናዓት ዓለም መቃልሒት

ብዘደንቅ ስሪሒት

ትነብር ዝነበረት ጎደሎ ሰብ ተቆጺራ

ኣብ ማዕርነት ዝበጽሐት ብጽፍራ

ሓያል መስፍናዊ ባህሊ ዝነበረት ተቀርቂራ

ብስሙር ቅልጽም ተቀልቀለት ናብ ሓራ

ንዝነበራ ድርብ ጭቆና

ብተሪር ቃልሳ ወጊና

ንድሑር ኣተሓሳስባ ረጊጻ ብሳእና

ተጉዋዒዛ ናብ ነጽነት ጎደና

ኣርትራዊት ኣደ ክምለስ ናባኺ

መዘና ዘይብሉ ብርቱዕዩ ፍቅርኺ

ተኻናኺንኪ ሓዚልኪ ዘዕበኺ

ኩልኽን ማዕረ ዝነኣስኪ ዛዓበኺ

ኣደ ኩሉ ጠዑም ዘዕላላ

በዕጽምቲ ስዉኣት እንተጻአ ምሒላ

ብቅድመአ መላሲ ዘይብላ

ንድምጺ መዳፈዕ ትቆጽሮ ከምዝይላ

ናብ ጻዕጹዕ ኩናት ታእቱ ብረት ስንቂ ተኾልኪላ

ሓብሓቢት ስድራ ኣንቲ ቀንደል ገዛ

ኣንደበት መልሓስኪ መሊኡዎ ላዛ

ጠጠዒ ኢኺናይ ሓጋይ ኣኸዛ

መቀረት ዘሎኪ ናይ መግቢ መዓዛ

ኣርትራዊት ሓብቲ ኣንቲ ጅግና

ሃገር ከይትነብር መግዛእቲ ተቆሪና

ጀጋኑ ደቃ ኣወፈያትልና

ንያት ሓቦ ምስ ሙሉእ ልቦና

መእንቲ መሰላማዕርነታ

ድግዲጊት ዓጢቃ ቅናታ

ብኽልተ ኢዳ ጠዊቃ ንቃታ

ንጸላኢ ኣውደቀት ብዘይ ስሕታ

ዘበትዩ ክታዓልብ ኣብ ባይታ

ነጻነት መጺኡ ህዝቢ ተዓዲሙ

መሰልኪ ግን ዳርጋ ከምቀደሙ

ንምታይ ዮም ደቅኺ ዝሃድሙ

ዝወለድኪዮ ምጥፋእ ኮይኑ ሕልሙ

ኣብ ምድረበዳ ክነዱ ኣብ ባሕሪ ክሰጥሙ

ጊዘ ሓሲሙ ተወዲኡ ጠጠዑሙ

ወዮ ነጻነት ዳአ እንታይ ዩ ትርጉሙ

ኣርትራዊት ኣደ ሕጂ ውን ተቃለሲ

ነጻነት መጺኡ ኢልኪ ኣይትደቅሲ

ተቃለሲ ንፍትሒ መሰል ዲሞክራሲ

ሾመንተ መጋቢት ኣህጉራዊት መዓልቲ

ከምቲ ዝጀመርኪዮ ሕጂውን ተባላሓቲ

ንመሰልን ማዕርነትን ተማጎቲ

ደቂ ኣንስትዮ ኣጆኹን

ወዲ ተበዕታይ ኣሎ ኣብ ጎድንኹን

ሓቢሩ ክቃለስ ምሳኹን

ዓወት ንዉጺዓት

ውድቀት ንሙኩሓት

ጆርጅ ሃብተ

ሳን ሆዘ ካሊፎርንያ